# መትከል 1




***ኩሉ ባህርያት፡ ንሓደ ነገር ዘመልክት እዩ። ብመንጽር ፍቕሪ፡ ንባህርይ ምርዳእ። ፍቕሪ፡ ንባህርይና ቅርጺ ዘትሕዝ ንሰብ ዘድሊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እቲ ኣብ ሓድሕድና ርክብ እንገብረሉ መገዲ፡ ዝምድናታትና ንእነማዕብለሉ መገዲ ዚሕብር እዩ።***

**ኣገደስቲ ሓሳባት**

1. ኩልና፡ ኣብ እተፈላለየ ዝምድናታት ንርከብ ኣሎና። እቲ ናይ ፈለማ ናይ ፍቕሪ ዝምድና፡ ካብ እተወልደናሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ንመላእ ህይወትና ዝቕጽል እዩ። እዚ ፍቕሪ - ካብ ወለዲ፡ ናብ ውላድ ከምኡውን ካብ ውላድ ናብ ወላዲ ዝመሓላለፍ ፍቕሪ -፡ ንህልውናና ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ፍቕሪ፡ ኣብ መላእ ህይወትና ብቐጻሊ የድልየና እዩ።

2. ባህርይ፡ ብዛዕባ ፍቕርን ዘድልየና ነገራትን ብዚምልከት ከም ሓደ ዓይነት መበሃሃሊ ኽቐጸር ይከኣል። ቆልዑ፡ ንዘድልዮም ነገር ብእተፈላለየ ሓያል መገድታት ንኻልኦት ንምሕባር ርክባት ይገብሩ። ከም ወለዲ መጠን፡ ንደቅና ዘድሊ ነገር ንኽንርዳእን ንኽነማልእን ዝከኣለና ንገብር፣ ደቅና፡ እንታይ ከምዝደልዩ ወይ ክሕብሩና ዝፍትንዎ ነገራት እንታይ ምዃኑ ክንፈልጥ ከቢድ ዝኾነሉ ግዝያት ድማ ኣሎ።

3. ሓደ ንጽል ባህርይ፡ ንብዙሕ ነገራት ዘመልክት ክኸውን ይኽእል እዩ። ንባህርይ ደቅና እንርድኣሉ ኣገባብ፥ ኣብ ኩነታት፡ ሕሉፍ ተሞክሮ፡ ብዛዕባ ደቅና ዘሎና ግምታትን ምስኦም ዘሎና ዝምድናን ዝምርኮስ እዩ። እቲ ዘሎና ግምታት፡ ብፍላይ፡ ከመይ ዝበለ ግብረ-መልሲ ከምእንህብ መብዛሕቱ ግዜ ይውስን እዩ። እቲ እንህቦ መደምደምታታት፡ ኩሉ ግዜ ቅኑዕ እኳ እንተኾነ፡ ግጉይ ክኸውን ድማ ተኽእሎ ኣለዎ።

4. ምልስ ኢልኩም፡ ብህንጥዩነት ተኸታተሉ። ናይ ፍቕሪ ኣረኣእያ፡ ምልስ ኢልና፡ ሓደ ባህርይ እንታይ ከምዘመልክትን ኽገልጾ ዝኽእል ነገር እንታይ ምዃኑን ብህንጥዩነት ንኽንከታተል ንተባባዕ ኢና። ከምዚ ኣብ እንገብረሉ እዋን፡ ንሓደ ባህርይ ብኸመይ ግብረ-መልሲ ክንህቦ ከምዘድልየና ንኽንውስን ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምእንህሉ ይገብረና።

5. ባህርያትና፡ ምስ ካልኦት ንዘሎና ዝምድናታት ይጸሉ እዩ። ምስ ደቅና ኣብ እንዋስኣሉ እዋን፡ ገለ ቅርጽታት ይሕዝ እዩ። ባህርያት ደቅኹም፡ ልክዕ ከምቲ ባህርይኹም ንደቅኹም ዝጸልዎ ተመሳሳሊ መገዲ፡ ንዓኹም ይጸሉ እዩ። ብሓደ ኳንና ድማ ቅርጽታት ነትሕዝ ኢና። እዚ ቅርጽታት'ዚ፥ ዘስርሕ፡ ጽቡቕ ዘየስርሕ ወይ ብፍጹም ዘየስርሕ ክኸውን ይክእል እዩ። ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ሳሕቲ ድማ ንኽትቕይሮ ዘይከኣል ይኸውን።

6. እቲ ርክብ እንገብረሉ ኣገባብ ድማ ንዝምድናታትና ቅርጺ የትሕዝ እዩ። ባህርያትና፡ እቲ ምስ ደቅና እንገብሮ ዓይነት ርክብ እዩ። ልክዕ ከምቲ ርክብ እንገብሮ፡ ብኸመይ ኣገባብ ርክብ ንገብር ድማ ዘገድስ እዩ። ናይ ቃልን ዘይ-ቃልን ዓይነታት ርክብ ኽንገብር ንኽእል ኢና፣ ኣብ ዝህልወና ዝምድናታት "ክፉታት" ንኽንከውን ዝሕግዘና ምርጫታት ክንወስድ ድማ ንኽእል ኢና።